# ኣገልግሎት ተሓለቕቲ ቆልዑ ንምንታይ ኢና ንውከሰኩም፧

**ክንሕግዘኩም ኣለና**

ኣብ ኖርወይ ዝዓብዩ ቆልዑ ውሑስነት ይስመዖም ከምዘሎን ጽቡቕ ከምዘለዉን ምሕላው እቲ ዝለዓለ ኣገዳስነት ዘለዎ ዕማም ኣገልግሎት ተሓለቕቲ ቆልዑ እዩ። ብቐዳምነት ነታ ስድራቤት ብምሕጋዝ ኢና እዚ ንገብሮ።

ውላድኩም ክሳብ ክንደይ ጽቡቕ ከም ዘሎ ዝተሻቐሉሉ ኣካላት ስለ ዘለዉ'ዮም ኢና ንውከሰኩም ዘለና። ሻቕሎት ዘሕደሩ ኣካላት ብምህላዎም ከኣ መልእኽቶም ናባና ብምስዳድ ኣመልኪቶም ኣለው። ሕጂ ምሳኹም ብምርኻብ ከመይ ከም ዘለኹም ንክንዳህየኩምን ብዛዕባ ተቐቢልናዮ ዘለና መልእኽቲ ሻቕሎት ዘለኩም ሓሳባት ንክንሰምዓኩምን ኢዩ ድልየትና። ሓገዝ ዘድልየኩም ጉዳይ እንተልዩ ኰይኑ፡ ንስድራቤት ክጠቕሙ ዝኽእሉ ሓያሎ ሓገዛት ናይ ምሃብ ዕድላት እውን ኣለውና።


ኣገልግሎት ተሓለቕቲ ቆልዑ ክንውከሰኩም ከለና ሻቕሎት ክስመዓኩም ምሉእ ብምሉእ ንቡር ስምዒት እዩ። ከምኡ ውን ንክትፈልጡ ወለዲ ብናቶም ተበግሶ ባዕሎም ናባና ብምምጻእ ሓግዙና ኢሎም ክሓቱና ወይ ሓደ ቆልዓ ባዕሉ ተወኪሱ ሓግዙኒ ክብል ንቡር ተርእዮ እዩ። ዝኾነ ኣካል ንተሓለቕቲ ቆልዑ ክውከሰና ከሎ ቆልዑን ኣባላት ስድራቤቶምን ደገፍ ክረኽቡ እዩ ዕላምኡ።

ኣብ ገለ ገለ እዋናት ዘሻቕል ምኽንያታት ከምዘየለ ኢና ንበጽሖ፡ ወላሓንቲ ብዘይምርካብና ድማ እቲ ጉዳይ ንዓጽዎ።

**ኣገልግሎት ተሓለቕቲ ቆልዑ እንታይ ብምግባር ኢና ክንሕግዘኩም ንኽእል፧**

ኣገልግሎት ተሓለቕቲ ቆልዑ ብዝተፈላለዩ መገድታት ኢና ክንሕግዘኩም ንኽእል፡ ድሌትና ድማ ምሳኹም ከም ስድራ-ቤት ብሓባር ንገለ ነገር ክንዕወተሉ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ነታ ስድራ-ቤት ንሓጺር ግዜ ወይ ንነዊሕ ግዜ ኢና ንሕግዛ፡ ብዙሕ ግዜ ድማ ኣብ ሓደ እዋን ብዝተፈላለዩ መገድታት ኢና ንሕግዝ። ብዙሕ ግዜ ንወለዲ ምኽርን ማዕዳን ንህቦም ኢና፡ ከምኡ`ውን ምስ ቤት-ትምህርቲ፡መዋእለ-ህጻናት፡ቤት-ጽሕፈት ናቭ፡ቀዋሚ ሓኪምን ካልኦትን ንዓኹም ንምሕጋዝ ንተሓባበር ኢና።

ካልእ ንዓኹም ክንድግፈሎም ንኽእለሎም መገድታት ድማ ውላድኩም ኣብ መዋእለ-ህጻናት ቦታ ንክረክብ ምትሕብባር፡ ሕልፍ ሕልፍ ኢሉ ከይዱ ዝበጽሖም ስድራ-ቤት ምርካብ(besøkshjem) ወይ ካልእ ቆልዑ ዘድልዮም ደገፋት ክኸውን ይኽእል።




**ዘለውኹም መሰላት ከመይ ይመስሉ፧**

ምስ ኣገልግሎት ተሓለኽቲ ቆልዑ ክትራኸቡ ከለኹም ብዙሓት መሰላት እዮም ዘለውኹም፡ ምሳና ኣብ ትራኸቡሉ እዋን ከኣ ብዛዕባ እዚ ተወሳኺ ሓበሬታ ክወሃበኩም እዩ። ገለ ካብቶም መሰላት እዞም ዝስዕቡ እዮም:

- ምስ ኣገልግሎት ተሓለኽቲ ቆልዑ ክትራኸቡ ከለኹም ኣተርጓሚ ክትጥቀሙ መሰልኩም እዩ። ኣተርጓሚ ዘድልየኩም እንተደኣ ኮይኑ ድማ ሓብሩና።
- ምስ ኣገልግሎት ተሓለኽቲ ቆልዑ ክትራኸቡ ከለኹም ትኣምኑዎ ሓደ ሰብ ክትማልኡ መሰልኩም እዩ።
- ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ከኣ ጽቡቕ ሓበሬታ ክወሃበኩም መሰልኩም እዩ።

ኣብ ጉዳይኩም ከኣ እጃምኩም ከተበርክቱ መሰልኩም እዩ።



**ኣገልግሎት ተሓለኽቲ ቆልዑ ዝምልከቱና ግዴታታት ኣየኖት እዮም፧**

ኩለን ንኡስ-ዞባታት (ኮሙነታት) ኖርወይ ኣገልግሎት ተሓለኽቲ ቆልዑ ክህልወን ኣሎዎ።

- እቲ ዝዕየ ዕዮታት ኣብ Barnevernsloven/ሕጊ ተሓለኽቲ ቆልዑ ዝተሞርኮሰ ክኸውን ኣሎዎ።
- ኣገልግሎት ተሓለኽቲ ቆልዑ ነቲ ቆልዓ ተሻቒልናሉ ኣለና ዝብል መልእኽቲ ክንቅበል ከለና እቲ ጉዳይ ዝያዳ ክነጻርዮ ግዴታ ኣለና። እቲ ቆልዓ ኩነታቱ ከመይ ከምዘሎ ክነጻርዮ ኣለና ኢልና እንተደኣ ወሲንና ከኣ ኣብ ዙርያ እቲ ቆልዓ ዝርከቡ ሰባት ነዘራርቦም ኢና መታን እቲ ቆልዓን ኣባላት ስድራ-ቤቱን ሓገዛት ዘድልዮም እንተደኣ ኮይኑ ክንፈልጥ።
- እቲ ቆልዓን ኣባላት ስድራቤቱን ዝረኽቡዎ ሓገዛት ብቕዓቱ ዘመሓይሽ እንተደኣ ኮይኑ ኣገልግሎት ተሓለኽቲ ቆልዑ ምስ ካልኦት ኣገልግሎታት ብምሃብ ዝሕግዙ ኣካላት ክንተሓባበር ኣለና።
- ባህሊ፡ብሄር፡ሃይማኖትን ቋንቋን ናይታ ስድራቤት ኣገልግሎት ተሓለኽቲ ቆልዑ ኣብ ግምት ከነእትዎ ኣለና።
- ኣገልግሎት ተሓለኽቲ ቆልዑ እቲ ቆልዓን ወለዱን ጽቡቕ ሓበሬታ ከምዝወሃቦን ናቶም ርእይቶታት ከቕርቡ ዕድል ከምዝረኽቡን ክንገብር ኣለና።

**እቲ ቆልዓ ወይ ኣባላት ስድራ-ቤቱ ክከብዶም ከሎ ተሓለኽቲ ቆልዑ ንቆልዑን ኣባላት ስድራቤቶምን ክሕግዙዎም ይኽእሉ እዮም። ብዛዕባ ተሓለኽቲ ቆልዑ ተወሳኺ ሓበሬታ እንተደኣ ደሊኹም ኣብ bufdir.no/barnevern ብምእታው ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም።**